ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን
Global Yiakl Eritrean Movement
حركة الإريترية العالمية الكافية

# ኣብ ከባቢ ዘሎ ኣህዛብን ህዝቢ ኤርትራን እንቋዕ ሓጎሰካ

እቲ ኣብ መንጎ ፈደረላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ን10 መዓልታት ክኸይድ ዝቐነየ ናይ ሰላም ዝርርብ፡ ሎሚ ዕለት 02 ሕዳር 2022 ተዛዚሙ ኣሎ። እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ቶኽሲ ጠጠው ናይ ምባል ስምምዕ ከኣ፡ ንኹሉ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከብ ህዝቢ፡ ብፍላይ ከኣ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ትግራይን ሓደ ዓቢ ዘሕጉስ ብስራት ኢዩ። ዓለም ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን፡ ንዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ ኣብ ትግራይ ዝተወለዐ ኲናት ክቕህምን፡ እቲ ከባቢ ነባሪ ፍታሕ ክረክብን ደጋጊሙ ክጽውዕ ጸኒሑ ኢዩ። በዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝወጸ ዘሕጉስ ብስራት ከኣ፡ ንኹሉ እቲ ከባቢ ዘሎ ኣህዛብን ህዝቢ ኤርትራን እንቋዕ ሓጎሰካ ክብል ይደሊ።

ኲናት ሓድሕድ ኢትዮጵያ፡ ኣብ 4 ሕዳር 2020 ምስ ጀመረ ብቐጻሊ ሂወት ኣሻሓት ክበልዕ ዝጸነሐ ኲናት ኢዩ። ሽሕ'ኳ እዚ ኲናት ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዝምልከት እንተነበረ፡ ኤርትራ እትርከበን ብጎኒ ዝኣተዋ ሃገራት፡ ነቲ ኲናት ሰማይ ንኽዓርግ ዓቢ ኣሉታዊ ተራ ክጻወታ ጸኒሐን ኢየን። ኣምሳይኡ ኸኣ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ህዝቢ ኤርትራን ሶማልያን እውን ኣብዚ ኲናት ከም ዝጽመድን ሰፍ ዘይብል ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ከስዕበሉን ጸኒሑ`ዩ። ኲናት ኢትዮጵያ ዝለከመ ለኪሙ ከኣ እነሆ ሎሚ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብኣላይነት ኣፍሪቃዊ ሕብረት፡ ናይ ቶኽሲ ምቁራጽ ስምምዕ ተበጺሑ ኣሎ።

እዞም ነዚ ስምምዕ ዝፈረሙ ክልተ ሸነኻት፡ ንኹሉ ነቲ ዝፈረምሉ ዓንቀጻት ኣብ ግብሪ ከውዕሉ ተማሕጺኖም ኣለዉ። ክልቲኦም ወገናት፡ በቲ ዝተሰማመዕሉ ዓንቀጻት ክቕየዱን፡ ኣብዚ ዞባን ኢትዮጵያን ዳግም ኲናት ከይውላዕ ዋሕስ ክኾኑን ከኣ ዓለምለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን ዘለዎ ልዑል ተስፋ ክገልጽ ይፈቱ።

ዓለምለኻዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን

ህዝባውነት፡ ጽምዶ፡ ሓደ ጸላኢ!

02 ሕዳር 2022